# ክንክን ድሕሪ ክታበት፥ ህጻናትን ንኣሽቱ ቆልዑን

## ኣብ ዝቕጽሉ ሒደት መዓልታት እንታይ ክትጽበዩ ከም ዘለኩምን ንደቅኹም ብኸመይ ከም እትከናኸኑን ተማሃሩ

## ድሕሪ ገለ ክታበታት ደቅኹም ክህልዉዎም ዝኽእሉ ጎድናዊ ሳዕቤናት



ረስኒ፣ ቍሪ-ቍሪ ምባልን



ድኻምን ሕማም ርእስን



ቃንዛ ጭዋዳታትን መላግቦታትን



**ቃንዛ፣ ምቕያሕን ሕበጥን ኣብ'ቲ ክታበት ዝተዋህበሉ ቦታ**

*ምስ ክታበታት ኮቪድ-19፣*
ክሳብ 7 መዓልቲ ብድሕሪኡ ከጋጥም ይኽእል



ቀጨውጨው ምባል ብኽያት፣ ምዕግርጋር፣ ከምኡ'ውን ሸውሃት መግቢ ምጉዳል



ድሕሪ ክታበት ንፍዮ፣ ጽግዕን ንፍዮ ጀርመንን (MMR) ፍሮማይን ረስኒ፣ ዕንፍሩርን ከምኡ'ውን ካልኦት ጎድናዊ ሳዕቤናትን ድሕሪ ክታበት ካብ 1-2 ሰሙናት ኣቢሉ ከጋጥም ይኽእል ኢዩ።



ዕግርግር፣ ተምላስን ውጽኣትን



ድሕሪ'ቲ ናብ ኣፍንጫ ዝንጸግ ክታበት ኢንፍሉዌንዛ፥ ኣፍንጫዊ ማዕበስትን ጸረር ዝብል ኣፍንጫን



ድሕሪ ክታበታት ኮቪድ-19፥ ዝሓበጡ ሊምፍ ኖድስ (lymph nodes) ኣብ ትሕቲ ትሽቱሽ (armpit)

**መብዛሕትኦም ጎድናዊ ሳዕቤናት ቅልል ዝበሉ ኰይኖም ድሕሪ 1-2 መዓልታት ይገድፉ**

ብፍላይ ንክታበት ዝምልከቱ ጎድናዊ ሳዕቤናት፣ HealthLinkBC Files ኣብ
[immunizebc.ca/immunization-schedules/children](immunizebc.ca/immunization-schedules/children)

ነዞም ዝስዕቡ ኣብ ዝቕጽል ገጽ ርኣዩ፥

| ደቀይ ዝሓሸ ንክስምዖም ከመይ ገይረ ክሕግዞም እኽእል? | ዝሕግዙ መድሃኒታት | ሕክምናዊ ቆላሕታ መኣስ ከምትደልዩ |
|---|---|---|

ብዝተቓለለ ቻይንኛ (简体中文)፣
ያታዊ ቻይንኛ (繁體中文)፣
ፋርሲ (فارسی)፣ ኮርያኛ (한국어)፣
ፑንጃቢ (ਪੰਜਾਬੀ)፣ ከምኡ'ውን ካልኦት ቋንቋታትን ይርከብ

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

British Columbia | ImmunizeBC

# ክንክን ድሕሪ ክታበት፥ ህጻናትን ንኣሽቱ ቆልዑን

## ንደቀይ ዝሓሸ ዘክስምዖም ብኸመይ ክሕግዞም እኽእል?



### ንቃንዛ ወይ ሕበጥ ኣብ'ቲ ክታበት ዝተዋህበሉ ቦታ፥

- ☑ ኣብ ልዕሊ እቲ ቦታ ዝሑልን ርጡብን ጨርቂ ወይ ዝተጠቕለለ በረድ ግበርሉ
- ☑ ቅልጽም ወይ እግሪ ውላድኩም ኣብ መዓልቲ ብዙሕ ግዜ ኣንቀሳቕሱ።
- ☑ ምቹእነት ክስምዖም መድሃኒት ሃብዎም *(ኣብ ታሕቲ ርኣዩ)*።

---



### ንረስኒ፥

- ☑ ንደቅኹም ከምዘዕርፉ ግበርዎም።
- ☑ ብዙሕ ፈሳሲ ክሰትዩ ሃብዎም።
- ☑ ደቅኹም ፈኵስ ክደንዎም።
- ☑ ረስኒ ንምውራድ ክሕግዞም መድሃኒት ሂብኩም ዝያዳ ምችኡነት ከምዝስምዖም ግበርዎም *(ኣብ ታሕቲ ርኣዩ)*።

| **ናይ ኣካላት ቦታ** | **ንቡር ዝርግሐ (Range)** | **ረስኒ** |
|---|---|---|
| **ትሽቱሽ** | 36.5-37.5 °C | ≥ 37.6 °C |
| **ኣፍ*** | 35.5-37.5 °C | ≥ 37.6 °C |
| **እዝኒ** | 35.8-38 °C | ≥ 38.1 °C |
| **መሃንቱስ (መዓኮር)**** | 36.6-38 °C | ≥ 38.1 °C |

*ኣስተውዕሉ፥ካብ ግንባር ምልካዕ፣ ተርሞመትራት ዘይቅኑዓት ክኾኑ ይኽእሉ ኢዮም።*

* ትሕቲ 5 ዓመት ንዝኾኑ ቆልዑ ኣይትጠቐሙ።
** ክትገብርዎ ከምትኽእሉ ምስትትኣማመኑን ውሃቢ ክንክን ጥዕና ከመይ ገርኩም ብዘይጸገም ከምትጥቀምሉ ምስ ኣርኣየኩምን ጥራይ ናይ መሃንቱስ (rectal) ተርሞሜተር ተጠቐሙ።

## ንረስንን ቃንዛን ዝሕግዙ መድሃኒታት

ረስኒ ንምንካይ ኩሉ ግዜ መድሃኒታት ኣየድልዩን ኢዮም። ቃንዛታት ንምፍዋስን ደቅኹም ዝያዳ ምቹእነት ከምዝስምዖም ንምግባርን የገልግሉ።

**ክልተ ዓይነት ብዘይ ትእዛዝ ሓኪም ዝሸየጡ (over-the-counter) መድሃኒታት ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም:**

- **Acetaminophen**፣ ከም ናይ ህጻናት ወይ ቆልዑ Tylenol® ዝኣመሰሉ።
- **Ibuprofen**፣ ከም ናይ ቆልዑ Advil® ዝኣመሰሉ።
  *ደቅኹም ትሕቲ 6 ወርሒ ዝዕድሚኦም እንተኾይኖም ሓኪምኩም እንተዘይነጊሩኩም ibuprofen ኣይትጠቐሙ።*

**ብዘይ ትእዛዝ ሓኪም ዝሸየጡ መድሃኒታት ንቆልዑ ኣብ ትህብሉ እዋን ምኽርታት ድሕነት፥**

- ☑ ኣብ'ቲ ተለጢፉ ዘሎ ጽሕፈት (label) ንዘለዉ መምርሒታት ተኸተሉ። ካብ'ቲ ዝተሓበረ ንላዕሊ ዓቐን ኣይትሃቡ።
- ☑ ትሕቲ 18 ዓመት ንዝኾነ ሰብ ASA (Aspirin®) ኣይትሃቡ።

## ሕክምናዊ ቆላሕታ መኣስ ከምትደልዩ

### ንረስኒ

ረስኒ ትጽቢት ዝግበረሉ ጎድናዊ ሳዕቤን ክታበታት ኢዩ። ሓደ-ሓደ ግዜ ግን፣ ረስኒ ናይ መጀመርታ ምልክት ናይ ምስ'ቲ ክታበት ዘይተኣሳሰር ሕማም ክኸውን ይኽእል ኢዩ።

**ደቅኹም እዞም ዝስዕቡ እንተሃልዮሞም ብኡ-ንብኡ/ተቐላጢፍኩም ሕክምናዊ ቆላሕታ ድለዩ፥**

- ☑ ትሕቲ 3 ወርሒ ኰይኖም ረስኒ እንተሃልዩዎም።
- ☑ ካብ 3-12 ወርሒ ኰይኖም 39 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ወይ ልዕሊኡ ወይ ንልዕሊ 1 መዓልቲ ረስኒ እንተሃልዩዎም።
- ☑ ትሕቲ 2 ዓመት ኮይኖም ንልዕሊ 1-2 መዓልቲ ረስኒ እንተሃልዩዎም።
- ☑ ልዕሊ 2 ዓመት ኮይኖም ንልዕሊ 3 መዓልቲ ሰዓል እንተሃልዩዎም።

---

### ሕክምናዊ ቆላሕታ ንምድላይ ካልኦት ምኽንያታት

ድሕሪ ክታበት ዘጋጥሙ ከበድቲ ጎድናዊ ሳዕቤናት ኣዝዮም ሳሕቲ ኢዮም። እንተ ኣጋጢሞም ግን ስጉምቲ ምውሳድ ኣገዳሲ'ዩ።

**እዞም ዝስዕቡ እንተድኣ ኣለውኹም ብኡ-ንብኡ/ተቐላጢፍኩም ሕክምናዊ ቆላሕታ ድለዩ፥**

- ☑ ምልክታት ወይ ስምዒታት ሕማም ናይ ከቢድ ኣለርጂካዊ መልሰ-ተግባር (ንኣብነት፣ ዕንፍሩራት፣ ጸገም ምስትንፋስ፡ ወይ ሕበጥ ጎሮሮ፣ መልሓስ ወይ ከናፍር)። እዚ ካብ ክሊኒክ ምስ ወጻእኩም እንተ ኣጋጢሙ፣ ናብ 911 ወይ ኣብ ከባቢኹም ዘሎ ናይ ህጹጽ እዋን (emergency) ቁጽሪ ደውሉ።
- ☑ ምንፍጥፋጥ (seizure) ኣለዎም። እቲ ምንፍጥፋጥ (seizure) ን3 ደቓይቕ ዝጸንሐ እንተኾይኑ ወይ ውላድኩም ካብ...6 ወርሒ ምስዝኸውን/ትኸውን ናብ 911 ደውሉ።
- ☑ ክታበት ኮቪድ-19 ወሲዶም ቃንዛ ኣፍልቢ፣ ሕጽረት ትንፋስ፣ ወይ ናይ ቅልጡፍ ህርመት ስምዒት፣ ድኹም/ዘይስሩዕ ወይ ብርቱዕ ህርመት ልቢ ምስዝህልዎም።
- ☑ ክታበት ሮታቫይረስ ወሲዶም ተደጋጋሚ ተምላስ፡፣ ሕበጥ ከብዲ፣ ወይ ደም ኣብ ቀልቀል ምስ ዝህልዎም።
- ☑ ካልእ ዘተሓሳስብ ምልክታት ወይ ስምዒታት ሕማም ምስዘርእዩ (ንኣብነት፣ ብስእነት ማይ ዝነቐጹ (dehydrated)፣ ዘይበልዑ ወይ ዘይሰትዩ፣ ከቢድ ተምላስ ወይ ውጽኣት ዘለዎም፣ ድኹማት፣ ዝጸምለዉ፣ ንክበራበሩ ዝጽገሙ፣ ንነዊሕ ግዜ ወይ ካብ ልሙድ ንላዕሊ ብዘይምቍራጽ ዝበኽዩ)።

**ድሕሪ ክታበት ንዝኾነ ከቢድን/ወይ ዘይተጸበኹሞን ጎድናዊ ሳዕቤናት ንናትኩም ወሃቢ ክታበት/ክሊኒክ ወይ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ጸብጻብ ሃቡ።**



**መዝገብ ክታበት ደቅኹም ኣብ**
**healthgateway.gov.bc.ca ርኸብዎ**